## ንጥፈት 2.8

**ምይይጥ ብዛዕባ ሓደ ዋህዮኣዊ ህይወታውያን**



ብጉጅለ ብምዃን ክሳብ ሐዚ ዝተምሃርክምዎም ሓደ ዋህዮኣዊ ህይወታውያን እናተመያየጥኩም ኣነፃፅርዎም። ብምቕፃል ፀብፃብኩም ናብ ክፍልኹም ኣቕርቡ።

## መልመዲ 2.3

**ትኽክል ዝኾነ መልሲ ዝሓዘ ፊደል ምረፁ።**

1 ኣሜባ ውሱን ______________ የብሉን።

ሀ ተቖፃፃሪ ኣካል ሐ መጣኒ ማይ
ለ ቅርፂ መ ሀን ለን።

2 ፓራመስየም ብ ____________ ይፍለ።

ሀ ምህላው ዓብይን ደቂቕን ተቖፃፃሪ ኣካላት፣
ለ ምህላው ፍላጀለምን መእተዊ ምግብን፣
ሐ ቅርፂ ሸበጥ ብምሓዙ፣
መ ሀን ሐን።

3 ዋህዮታት ኢዩግሌና ________ ኣለዎም።

ሀ ሓምለዋይ ፕላስተድ ሐ ነጥቢ ዓይኒ
ለ ፍላጀለም መ ኩሎም መልሲ እዮም።

4 ኩሎም ዋህዮታት ባክተርያ ________ የብሎምን።

ሀ ግድግዳ ዋህዮ ሐ ረቂቕ መሸፈኒ ዋህዮ
ለ ብረቂቕ መሸፈኒ ዝተሸፈነ ተቖፃፃሪ ኣካል መ ፍላጀላ

5 ካብዞም ዝስዕቡ ኣብ ዋህዮ ይስት ዘይርከብ ኣየናይ እዩ?

ሀ ግድግዳ ዋህዮ ሐ ፍላጀለም
ለ ረቂቕ መሸፈኒ መ ተቖፃፃሪ ኣካል

# 2.3 ብርክታት ምውዳድ ኣብ ብዝሃዋህዮኣዊ ህይወታውያን

## ደረጃታት ብቕዓት ንኡስ ምዕራፍ

**ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም:-**

- *ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዋህዮ ትስይሙ።*
- *ግደ ስራሕ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዋህዮ ትገልፁ።*
- *ሓድሓደ ቲሹታት ተኽልታትን እንስሳትን ትስይሙ።*
- *ሓድሓደ ኣካላት ተኽልን እንስሳትን ትስይሙ።*
- *ግደ ስራሕ ሓድሓደ ኣካላት እንስሳን ተኽልን ትገልፁ።*

# ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ መፍለይታት ፆታ

*ቀዳማይ ብርኪ መፍለይታት ፆታ እንታይ እንታይ እዮም?*

ሰብን ካልኦት መጥበውቲ እንስሳትን ቀዳማይ ብርኪ መፍለዪ ፆታ ሒዞም ይውለዱ። ተባዕትዮ ብልዕቲ፣ ፍረነብስን ከረጢት ፍረነብስን ሒዞም ይውለዱ። ኣንስትዮ ከዓ ብልዕቲ፣ ማህፀንን፣ ማህደር እንቁላሊሕን ሒዘን ይውለዳ። እዚኦም ኣካላት ምርባሕ ኣብክልቲኦም ፆታ ቀዳማይ ብርኪ መፍለይታት ፆታ ይበሃሉ። እዞም ኣካላት ምርባሕ ሓደ ፆታ ካብቲ ሓደ ፆታ ማለት ተባዕታይ ካብ ኣንስታይ ንምፍላይ ይጠቕሙና።

*ካልኣይ ብርኪ መፍለይታት ፆታ እንታይ እዮም?*

ፆታዊ ኣካላት ተባዕታይን ኣንስታይን ድሕሪ ወሊድ ስለዝምዕብሉ እዞም ኣካላት ከይማዕበሉ ምርባሕ ኣይከኣልን። ካብ 11 - 17 ዓመት ኣብ ዘሎ ዕድመ ድማ ይምዕብሉ። ምምዕባል እዞም መራብሒ ኣካላት ናብ በፅሒ ዝበሃል ብርኪ ዕብየት የሰጋግር። ኣብዚ ብርኪ ኣብ ዝርከቡ መናእሰይ ዝተፈላለዩ ለውጥታት ካልኣይ ብርኪ መፍለይታት ፆታ ይረአዩ። እዚ ከዓ ብምኽንያት ካብ ዝማዕበሉ ፆታዊ ኣካላት ዝፍልፍሉ ሆርሞናት ዝኸሰት እዩ። እዞም ለውጥታት ድማ ኣብዚ ብርኪ ዝበፅሑ መናእሰይ ንክራብሑ ድሉዋት ምዃኖም ዘመላኽቱ እዮም። (ሰደቓ 3.1 ርአዩ)።

**ቁልፊ ቃላት**

- ☑ **ስርዓተ ምርባሕ፦** ዘርኢ ንምፍጣር ዝኽእሉ ኣካላት ምርባሕ ዝሓዘ ስርዓት እዩ።
- ☑ **ቀዳማይ ብርኪ መፍለይታት ፆታ፡-** ቆልዓ እንትውለድ ሒዝዎም ዝውለድ መፍለይታት ፆታ እዮም።
- ☑ **ፍረነብሲ፦** መፈልፈሊ ዘርኢ ተባዕታይን ፆታዊ ሆርሞናትን እዩ።
- ☑ **ማሕደር እንቁላሊሕ፦** መፈልፈሊ እንቁላሊሕን ፆታዊ ሆርሞናትን እዩ።

*ካልኣይ ብርኪ መፍለይታት ፆታ ኣንስታይን ተባዕታይን ክትዝርዝሩዶ ትኽእሉ?*

## ንጥፈት 3.1



**ምይይጥ ብዛዕባ ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ መፍለይታት ፆታ**

**ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ:-**

- ☑ ብጉጅለ ብምዃን ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ መፍለይታት ፆታ ፍለዩ።
- ☑ ዝፈለኹምዎም ካልኣይ ብርኪ መፍለይታት ፆታ ምስ ኣብ ሰደቓ 3.1 ዘሎ ዝርዝር ኣነፃፅርዎ።

7 ንዋህዮታት ዘርኢ ተባዕታይ ዝጠቅም ዝተኸዘነ ምግቢ ዘፈልፍሉ ________ ይበሃሉ፡፡

ሀ ፅኪ ኮውፐርስ ሐ ሰሚናልቨሲክል

ለ ፅኪ ፕሮስቴት መ ቫስደፈረንስ

8 ኤች አይ ቪ /ኤድስ ወድዓዊ ዛዕባ ናይ____________ እዩ፡፡

ሀ ዓለም ሐ ድኻ ዓድታት

ለ ስድራ መ ግዳያት

9 ክእለታት ህይወት ንመን የድሊ?

ሀ ንመንእስያት

ለ ኣካለ መጠን ንዝበፅሑ

ሐ ንህፃውንቲ

መ ሀንለን መልሲ እዩም፡፡

10 ካብዞም ዝስዕቡ ቀዳማይ ብርኪ መፍለዪ ፆታ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ ፍረነብሲ ሐ ምፍልፋል ፆታዊ ሆርሞን

ለ ብልዕቲ መ ሽምበቆ ማህፀን

II ኣብ ትሕቲ "ሀ" ዘለዉ ቃላት ወይ ሓረጋት ኣብ ትሕቲ "ለ" ምስ ዘለዉ ቃላት ወይ ሓረጋት ኣዛምዱ፡፡

| ሀ. | | ለ. | |
|---|---|---|---|
| 1 | ዋህዮ ዘርኢ ተባዕታይ | ሀ | ዑደተፅግያት ጠጠው ዝበለሉ |
| 2 | እንቁላሊሕ | ለ | ውህደት ዝካየደሉ ቦታ |
| 3 | ፅኪ ኘሮስቴት | ሐ | ጎዳኢ ልምዲ |
| 4 | ማህደር እንቁላሊሕ | መ | ቤዛዊ ፈሳሲ ዝፈጥሩ |
| 5 | ኮንዶም | ረ | ፍረነብሲ |
| 6 | ግርዛት | ሰ | ዓርሰእምነት |
| 7 | ብትከተፅግያት | ሸ | ጅግል |
| 8 | ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም | ቀ | መከላኸሊ ጥንሲ |
| 9 | ህይወታዊ ክእለት | በ | ፕሮጀስትሮን የፈልፍል |
| 10 | ሽምበቆ ማህፀን | ተ | ፆታዊ ዘርኢ ኣንስታይ |


2 ፈልሲ ክትከል ከሎ ኣብ ሱሩ ዘሎ ሓመድ ብፕላስቲክ ዝተሸፈነ እንተኾይኑ ክቕላዕ ኣለዎ። ብምቕዃል ነቲ ፈልሲ ብጥንቃቐ ናብ ዝተዳለወሉ ጉድጓድ ምእታው (ስእሊ 4.14)።



ስእሊ 4.13: ኣደላልዋ ንመትከሊ ፈልሲ ዝኸውን ጉድጓድ

3 እቲ ጉዳጓድ ክሳብ ላዕለዋይ ኣካል ሱር ዝበፅሕ ሓመድ ክድፈን ኣለዎ (ስእሊ 4.15)። ክሳብ እቲ ግቡእ ቦታ ብሓመድ ምስ ተሸፈነ ድኹዒ (ቆፅላመፅሊ ወይ ኮምፖስት) ምግባር ኣድላዪ እዩ።

4 ሰራውር ምስቲ መሬት ንክፀንዕ እንተነኣሰ ን6 ሰሙን በብመዓልቱ ማይ ምስታይ የድሊ።




ስእሊ 4.14: ኣተኻኽላ ፈልሲ ኣብ ዝተዳለወ ጉድጓድ

5 እቲ ፈልሲ ንባዕሉ ብደንቢ ምድጋፍ ክሳብ ዝኽእል ምስ ካልእ ደጋፊ ነገር ምእሳርን ብእንስሳት ከይብላዕ ምሕፃርን የድሊ።

6 ስርዓተ ሱር እቲ ፈልሲ ብዝግባእ ክሳብ ዝዓቢ ማይ ምስታይ ክቕፅል ኣለዎ።




ስእሊ 4.15: ግምት ሓመድ ዝምልእሉ ብርኪ



## ንጥፈት 4.7

### ፈልሲ ዓውሒ ምፅባይ

ኣብ ናይ ሕርሻ ኤክስተንሽን ንዝሰርሕ በዓል ሞያ ቃለ መሕትት ብምግባር ፈልስታት ዓውሒ (*ኮርድያ ኣፍሪካና*) ንምፅባይ ዘድልዩ ኣገደስቲ ቅደም ስዓባት እንታይ ከምዝኾኑ መዝግቡ። ካብዚ ብተወሳኺ ብቐዋምነት ናብ ዝትከሉሉ ቦታ ብኸመይ ከምዝመሓላለፉ'ውን ሕተቱ። ኣብ መወዳእታ ዝረኸብኩምዎ ሓበሬታ ብመልክዕ ፁብፃብ ንክፍልኹም ኣቕሪብኩም ተመያየጡሉ።

